# ብዛዕባ ትልሚታት Medigap (መወሰኺታ Medicare) ክትፈልጥዎ ዘለኩም

ኣብ'ዚ ሕትመት እዚ ዝርከብ ሓበሬታ፣ ንደንቢታትን ሕግታትን ግዝኣት Washington ዝምልከት እዩ።



መደብ ኣብ መላእ ግዝኣት ዝርከቡ ኣማኸርቲ ጥቕሚታት መድሕን ጥዕና (Statewide Health Insurance Benefits Advisors, SHIBA) ነጻን ዘይሻራዊን ኣገልግሎት ናይ፡-

SHIBA

OFFICE of the INSURANCE COMMISSIONER WASHINGTON STATE

# መደብ Medigap እንታይ እዩ?

ኣብ ናይ ውልቀ መድሕን ኩባንያታት ዝሸየጡ መደባት Medigap (መመላእታ Medicare እውን ተባሂሉ ይጽዋዕ)፣ Medicare Parts A (መድሕን ሆስፒታል)ን B (መድሕን መድሓኒት)ን ዘይሸፍኖ ካብ ጁባ ዝኽፈል ወጻኢታት ንዘሎ ክፍተት ንምሽፋን ዝሕግዝ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ውጥን ምስ ዝተወሰነ ደረጃ ሽፋን ዝሰማማዕ ዝተፈላለየ ፊደል ኣለዎ። ንኣብነት፡- እዚ ማለት፣ ሽፋን/ረብሓታት Plan A ኣብ ኩለን ነዚ Plan A ዝሸጣ ኩባንያታት መድሕን ሓደ ዓይነት ("መደበኛ" ውጥናት ተባሂሎም እውን ይጽዋዕ) እዩ ማለት እዩ። ስለዚ፣ ዝኾነ ናይ Medigap Plan A ዝሸይጥ ወሃቢ መድሕን ተመሳሳሊ ረብሓታት ክህብ እዩ። እዚ ድማ ንውጥናት Medigap ንምንጽጻር ዝቐለለ ይገብሮ፤ ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ሓደ ዓይነት ፊደል ዘለዎም ትልምታት Medigap ዘሎ ፍልልይ ወጻኢታት ተወሳኺ ክፍሊት ጥራይ ስለዝኾነ።

# Medigap መዓዝ ትገዝእ

ውጥን Medigap እትገዝእሉ ዝበለጸ ግዜ፣ ኣብ'ተን ዕድሜኹም 65 (ወይ ካብኡ ንላዕሊ) ዝመላእኹምለን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕን ኣብ ክልቲኡ Medicare Parts A ን B.ን ዝተመዝገብኩምሉን ግዜ እዩ። ኣብተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ፣ እቲ ውጥን መርመራ ክትገብሩ ክሓትኹም ወይ ከዓ ብሰንኪ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ኩነታት ጥዕናኹም ወይሽፋን ክኸልኣኩም ኣይኽእልን።

ኣብ'ተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ እንድሕር ዘይተመዝጊብኩም (ውሕስነት ዘለዎ ምምዝጻእ ወይ ከዓ Medigap ንምምዝጋብ ክፉት ዝኾነ ግዜ (Medigap Open Enrollment Period) ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ)፣ ን Medigap ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ይኹን እንበር፣ እቲ ትካል ክሸጠልኩም ስለዘይግደድ ናይ ጥዕና መርመራ ሕቶታት ክሓተኩም ይኽእል እዩ።

ትሕቲ 65 ዓመት ኰይንኹም ኣብ Medicare እንተሃሊኹም፣ ዕድመኹም 65 ዓመት ክሳብ ዝመልእ እትደልይዎ ውጥን Medigap – ወይ ዝኾነ ይኹን ውጥን Medigap – ክትገዝኡ ዘይክትክእሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ዕድመኹም 65 ዓመት ምስኮነ ምስራሕ እንድሕር ቀጺልኩምን ብውጥን ጥዕና ኣስራሒ ሽፋን ዝወሃበኩም እንድሕር ኰይኑን፡ ብዛዕባ ዝህልውኹም መማረጺታት ምስ'ቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት SHIBA ምዝርራብኩም ኣረጋግጹ።

***መተሓሳሰቢ፡- ለውጢታት ብቑዕነት ን Medigap Plans C ን F ን፡-*** ዕድመኦም 65 ዓመት ዝመልኡ ወይ ከዓ **ድሕሪ** 1 ጃንዋሪ 2020 ንመጀመርታ ግዜ ን Medicare ብቑዓት ዝኾኑ ውልቀሰባት ናይ Medigap Plans C ን F ን ክገዝኡ ኣይኽእሉን።



# ውጥናት Medigap እንታይ ይሽፍን

## ኩሎም Medigaps ክሽፍንዎም ዘለዎም መሰረታዊ ረብሓታት፡-

- Medicare ሓባራዊ መድሕን Part A ከምኡ'ውን ሓባራዊ መድሕን ወይ ሓባራዊ ክፍሊታት Part B
- ኣብ ትሕቲ Part A ዝሎ ሓበራዊ መድሕን ክንክን መዕረፊ ጋሻ ወይ ከዓ ሓባራዊ ክፍሊታት
- ናይ Medicare ክንክን ምክልኻል Part B ሓባራዊ መድሕን
- ኣብ ትሕቲ Parts A ን B ን ዘሎ ቀዳሞት ሰለስተ ፒንትስ (pints) ደም

## ገሊኦም Medigaps ዝሽፍንዎም ተወሰኽቲ ረብሓታት፡-

- ሓባራዊ መድሕን ንክኢላታት መሳለጥያ ኣለይቲ ሕሙማት
- ብ Medicare Parts A ን B ን ዝሽፈን ካብ ባዕልኻ ዝኽፈል ወጻኢታት
- ሕልፊ ክፍሊታት Part B
- ንህጹጽ ሕክምና ናብ ካልእ ሃገር ዝግበር ሽፋን ጉዕዞ (ክሳብ ገደብ ውጥን)
- ዓመታዊ ገደብ ወጻኢታት ካብ ጁባ

**መተሓሳሰቢ፦** ኣብ ውሽጢ U.S ናብ ዝኾነ Medicare ዝቕበል ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፣ ናብ ሓኪም ክንክን ንምኻድ ፊፈራል ኣየድልየኩምን።



# Medigap ዘይሽፍኖም

## ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሓኒታት

ከም መራፍእ ኒሞንያ፣ ናይ መተንፈሲ መሳረሒ ኣልቡተርል (albuterol for a nebulizer) ዝተወሰኑ መድሓኒታት መንሸሮ ወዘተ ንዝበሉ ዝተወሰኑ ብሓኪም ዝእዘዙ መድሓኒታት ኣብ ሆስፒታል ደቂስኩም ኣብ እትሕከምሉ ግዜ ብ Medicare Part A ወይ ከዓ ብ Medicare Part B ዝሽፈኑ እንተኾኑ፣ ስሩዕ Medicare ን Medigaps ን ግን ንመብዛሕትኦም ብሓኪም ዝእዘዙ መድሃኒታት ኣይሽፍኑን እዮም። ኣብ ትሕቲ Medicare Part D እዮም ዝሽፈኑ። እዚ ማለት ኣብ'ቲ Original Medicare ተመዝጊብኩም Medigap ክትረኽቡ እንከለኩም፣ ንበይኑ ዝተፈለየ ተወሳኺ ብሓኪም ንዝእዘዝ መድሃኒት ውጥን (Medicare Part D) ምግዛእ ከድልየኩም እዩ።

ብሓኪም ንዝእዘዝ መድሃኒት ውጥን እንድሕር ዘይሃልይኩምን ክትጸንሑ እንድሕር ወሲንኩምን፣ መቕጻዕቲ ክትከፍሉ ኢኹም። እዚ ማለት ድማ፣ ንሽፋን መድሓኒትኩም ወርሓዊ ተወሳኺ ክፍሊት ክትከፍሉ ኢኹም።

## ካልኦት Medigaps ዘይሽፍኖም ኣገልግሎታትን ኣቕሑትን

- ንምጽብባቕ ዝግበር መጥባሕቲ
- ከም ምጽራይ ስኒ፣ ምምላእ ስኒ፣ ምሽፋን ስኒ ወዘተ ዝበሉ ምስ ስሩዕ ክንክን ስኒ ዝተኣሳሰር ሕክምና ክንክን ስኒ (መብዛሕቲኡ)
- ሰብ ሰራሕ ስኒታት
- ምስ ብሓኪም ዝእዘዙ መነጽራት ዝተሓሓዝ መርመራታት ዓይኒ
- ንምስማዕ ዝሕግዙ መሳረሒታትን ንምግጣሞም ዝግበር መርመራታትን
- ናይ ነዊሕ ግዜ ክንክን (ኣብ መሕብሒቢ ኣረጋውያን ዝግበር ክንክን)
- ናይ ውልቀ ተኸናኻኒ ሓኪም
- ስሩዕ ክንክን እግሪ

**መተሓሳሰቢ፦** ክተስተውዕልዎ ዘለኩም፣ Medicare ንዝኾነ ነገር ኣይሽፍኖን ማለት ውጥን Medigap እውን ኣይሽፍኖን ማለት እዩ፤ ብዘይካ ንህጹጽ ሕክምና ናብ ወጻኢ ሃገር ዝግበር ጉዕዞ።

# ምስ ውጥናት Medigap ዝተሓሓዝ ወጻኢታት

ኩባንያታት Medigap ውጥናተን ኣብ ግዝኣትና ቅድሚ ምሻጠን፣ ውጥናተንን ወጻኢታት ተወሳኺ ክፍሊትን ንክጸድቕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር መድሕን ግዝኣት Washington (Washington State Office of the Insurance Commissioner) ከመዝግባ ኣለወን። ወርሓዊ ተወሳኺ ክፍሊታት በቢ ብውጥናት ይፈላለዩን መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ቕየሩን እዮም። ይኹን እንበር፣ ውጥናት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዓመታዊ ወጻኢታት ተወሳኺ ክፍሊት ክቕይሩ ይኽእሉ እዮም። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ በቢ ርብዒ ዓመት ዝመሓየሽ ቻርት ውጥናት Medigapና ረኣዩ። ኣብ ግዝኣትና ክሸጡ ፍቓድ ዝረኸቡ ወሃብቲ መድሕን፣ ከምኡ'ውን ትልምታቶምን ተወሳኺ ክፍሊታቶምን ይዝርዝር እዩ። እዋናዊ ህላወን ወጻኢታት ተወሳኺ ክፍሊትን ንምፍላጥ፣ ምስ ንኩባንያታት Medigap ክትራኸቡ ናይ ኩሉ ግዜ ለበዋና እዩ።

ኣብ Medigap ተመዝጊብኩም ንምጽናሕ፣ ኣብ መደብ ምዕቛር Medicare (Medicare Savings Program, MSP) ምዝጉብ ክትኮኑ ኣለኩም ወይ ከዓ ወርሓዊ Medigap ን ተወሳኺ ክፍሊታት Part B ን ክትከፍሉ ኣለኩም። ኣብ MPS እንድሕር ሃሊኹም፣ ተወሳኺ ክፍሊታት Part B ክኸፍለልኩም እዩ።

Medigap Plans K ን L ን ጥራሕ እዮም ካብ ባዕልኻ ናይ ዝኽፈል ቅርሺ ገደብ ዘለዎም።



# Medigaps ን ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ጸገማት ጥዕናን

ኣቐዲሙ ዝነበረ ጸገም ጥዕና እንድሕር ሃሊይኩም (እቲ ሓድሽ ውጥን Medigapኩም ተግባራዊ ቅድሚ ዝኾነሉ ዕለት ዘሎ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝነበረኩም ጸገም ጥዕና)፣ እቲ ወሃቢ መድሕን Medigap ውጥንኩ ድሕሪ ምጅማሩ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ነቲ ሽፋን ጸገም ጥዕና ከደንጉዮ ይኽእል እዩ (ናይ ምጽባይ ግዜ ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ)። ውጥን Medigapኩም ወይ ካልእ ብውሑዱ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝነበረኩም ምሉእ ሽፋን ትቕይርዎ እንድሕር ሃሊኹም፣ ኣቐዲሙ ንዝነበረ ናይ ጥዕና ጸገም ዝኸውን ናይ ምጽባይ ግዜ ኣይክህልወኩምን።



# Medigaps ን ናይ ስርዓተ ምትንፋስ መርመራታትን

ኣብ'ተን ዕድሜኹም 65 (ወይ ካብኡ ንላዕሊ) ዝመላእኹምለን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ እንድሕር ዘየመልኪትኩምን ኣብ ክልቲኡ Medicare Parts A ን B ን እንሕር ዘይተመዝጊብኩም፣ ኣብ ኩነታትኩም መሰረት ብምግባር ወሃብቲ መድሕን ብጽሑፍ ናይ ጥዕና መርመራ ክትገብሩ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም (ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ ገጽ 7 ዘሎ ቻርት "ምቕያር ውጥናት Medigap" ረኣዩ)። እቲ ወሃቢ መድሕን መርመራ ጥዕና እንድሕር ዘይጠልብ ኰይኑ፣ ዝኾነ ይኹን ናይ ጥዕና ሕቶታት ኣይሓትኹምን።

መርመራ ጥዕና ምግባር የድልየኩም ድዩ ኣየድልየኩምን ርግጸኛ እንድሕር ዘይኰይንኹም፣ ናብ ናይ መድሕንና ተጠቃሚ መስመር ስልኪ 1-800-562-6900 ደውሉ።

# ናብ ሓደ ዝተፈለየ ውጥን Medigap ምቕያር

ኣቐዲምኩም ኣብ Medigap Plan B ክሳብ N ዝተመዝገብኩም እንድሕር ኰይንኹም፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ናብ ካልእ Medigap Plan B ክሳብ N ክትቕይሩ ትኽእሉ ኢኹም። እንድሕር ሓደ Medigap plan A ሃሊይኩም፣ ናብ ዝኾነ ይኹን Medigap plan A ክትቕይሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ክልቲኡ ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዘለው ኩነታት፣ ብጽሑፍ መርመራ ጥዕና ምሕላፍ ኣየድልየኩምን እዩ። ናብ ሓደ ዝተፈለየ ውጥን Medigap ክትቕይሩ እንድሕር ወሲንኩም፣ ናይ ቅድሚ ሕዚ ውጥን Medigap ክትስርዝዎ ኣለኩም። ብዛዕባ ምቕያር ውጥናት Medigap ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ካብ ገጽ 7 ጀሚሩ ዘሎ *ምቕያር ውጥናት Medigap*ና ረኣዩ።

ካብ ካልእ ዓይነት ውጥን መድሕን ጥዕና ናብ ውጥን Medigap ትቕይሩ እንድሕር ሃሊኹም፣ ሕግታት ክፈላለዩን ወሃብቲ መድሕን ድማ ብጽሑፍ መርመራ ጥዕና ክትሓልፉ ክሓትኹምን ይኽእሉ እዮም። መርመራ ጥዕና ምግባር የድልየኩም ድዩ ኣየድልየኩምን ርግጸኛ እንድሕር ዘይኰይንኹም፣ ናብ ናይ መድሕንና ተጠቃሚ መስመር ስልኪ 1-800-562-6900 ደውሉ።

# ውጥናት Medigap ን ወቕታዊ ነበርቲን

ግዜኹም ኣብ መንጎ ክልተ ገዛውቲ ተሕልፍዎ እንድሕር ኰይንኹምን እቲ ካልኣይ ገዛኹም ኣብ ካልእ ግዝኣት እንድሕር ኰይኑን፣ እቲ ብቐዳምነት እትነብርሉ መንበሪ ኣብ ሓደ ግዝኣትን ሓደ ጥራሕን እዩ ክህልወኩም ዘለዎ። እቲ ግዝኣት፣ ንኽትመርጹ ዝተመዝገብክምሉን ናይ መራሒ መኪና ፍቓድ ዝተውሃብኩምሉን እዩ።

ውጥናት Medigap ብናይ ውልቀ ኩባንያታት መድሕን ዝምረሑ ኰይኖም፣ እቲ ዝሸየጥሉ ግዝኣት ይቆጻጸሮም እዩ። ውጥን Medigap እንድሕር ሃልዩኩም፣ ኣብ ውሽጢ U.S. ኰይኑ Medicare ናብ ዝቕበል ዝኾነ ይኹን ሓኪም ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።

**መተሓሳሰቢ፦** ይኹን እንበር፣ ክተስተውዕልዎ ዘለኩም **ብሓፈሻ ውጥናት Medicare Select ካብ'ቲ ዝሃበኩም ግዝኣት ወጻኢ ኣብ ካልኦት ግዝኣታት ክትጥቀምሉ ኣይትኽእሉን**። ከም'ዚ ዓይነት ውጥን Medigap፣ ሽፋንኩም ናብ ዝተወሰኑ መደብራት ሓካይምን ሆስፒታላትን ይድርቶ።

# ውጥን ቅድሚ ምግዛእ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ

- ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ናይ ጥዕና ጸገም እንድሕር ሃልዩኩም፣ ገሊኦም ውጥናት ሽፋን ቅድሚ ምርካቦም ሓደ ናይ ምጽባይ ግዜ ክህልወኩም ክጠልቡ ይኽእሉ እዮም (እቲ ትልሚ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ክሳዕ 90 መዓልታት)።

- ትልሚ ረብሓ Medicare (Medicare Advantage, MA) እንድሕር ሃልዩኩም፣ ንፖሊሲ Medigap ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፤ ይኹን እንበር፣ ትልሚ Medigap ቅድሚ ምጅማሩ ትልሚ MA ምግዳፍኩም ኣረጋግጹ።



- ኣብ ልዕሊ እቲ ወርሓዊ ተወሳኺ ክፍሊት Part B Medicare እትኸፍልዎ፣ ንውጥን Medigapኩም ተወሳኺ ክፍሊት ወርሓዊ ነቲ ናይ ውልቀ መድሕን ኩባንያ ትኸፍልዎ ኢኹም።

- ሓደ ትልሚ Medigap ንሓደ ሰብ ጥራሕ እዩ ዝሸፍን። ንስኹምን ናይ ሓዳር መጻምድኹም ክልቲኹም ሽፋን Medigap እንድሕር ደሊኹም፣ ነንሕድሕድኩም ዝተፈላለየ ፖሊሲታት ክትገዝኡ ኣለኩም።

- ኣብ ግዝኣት Washington፣ ኣብ ግዝኣትና ክሸይጥ ካብ ዝተፈቐደሉ ዝኾነ ይኹን መድሕን ኩባንያ ውጥን Medigap ክትገዝኡ ትኽእሉ ኢኹም። ዝያዳ ሓበሬታ እንድሕር ደሊኹም፣ "ዝጸደቐ መመላእታ Medicare (Approved Medicare Supplement)" ዝብል ቻርትና ረኣዩ። (መተሓሳሰቢ፦ ምሉእ ሽፋን ንክትረኽቡ፣ ውጥን Medicare Select ዝተወሰኑ ሆስፒታላት፣ ሓካይም ወይ ከዓ ካልእ ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕና ክትጥቀሙ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም።)

- ሓደ ግዜ ኣብ ውጥን Medigap ምስተመዝገብኩም፣ ዓመታዊ ናይ ውጥናት Medigap ምዝገባ ግዜ የለን፤ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ውጥናት ንኽትቅይሩን ክትገዝኡን ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

- ተወሳኺ ክፍሊት Medigap ኣብ ሰዓትኩም ክሳዕ ዝኸፈልኩም፣ ውጥንኩም ንዘይተወሰነ እዋን ክትሕዝዎ ትኽእሉ ኢኹም።

# ንውጥን Medigap ብኸመይ ትምዝገብ

ዓመታዊ ክፋት ናይ ውጥናት መመላእታ Medicare (Medigap) ምዝገባ ግዜ የለን። ሓደ ግዜ ኣብ ውጥን Medigap ምስተመዝገብኩም፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ውጥናት ንኽትቅይሩን ክትገዝኡን ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።



1. ኣየናት ረብሓታት ከም እትደልዩ ወስኑ።

2. ካብቶም ደረጃ ዝሓለዉ ውጥናት Medigap ድሌታትኩም ዘማልእ ምረጹ።

3. ኣብ ግዝኣትና Medigaps ዝሸጡ ወሃብቲ መድሕን ኣየኖት ምኺኖም ፍለጡ (ቻርት ውጥን SHIBA's Medigap ረኣዩ)።

4. ናይ ተወሳኺ ክፍሊት ወጻኢታት ደጊምካ ንምርግጋጽን ንምንጽጻርን ናብቶም እትደልይዎም ወሃብቲ መድሕን ደውሉ።

5. ብመንገዲ ፍቓድ ዘለዎ ወኪል መድሕን ወይ ደላላሊ ኣቢልኩም ወይ ከዓ ባዕልኹም ክትገዝእዎ እትደልዩ ውጥን ምስ ወሰንኩም ብቐጥታ ናብ'ቲ ወሃቢ መድሕን ደውሉ።

ወሃብቲ መድሕን ደረጃኡ ዝሓለወ Medigap ጥራሕ እዮም ክሸጡልኩም ዝኽእሉ። እዞም ውጥናት፣ ሕጊታት ፌደራልን ግዝኣትን ዝኽተሉ ክኾኑ ኣለዎም። ከምኡ'ውን፣ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናይ ሓደ ፖሊሲ Medigap፡ መድሕን መመላእታ Medicare (Medigap) ምኺኑ ብንጹር ክገልጽ ኣለዎ።

**መተሓሳሰቢ፡-** ኣብ'ዚ ሓዚ ሰዓት ኣብ Medigap ዘይተመዝገብኩም ግን ከዓ ሓደ ክትገዝኡ ትደልዩ እንድሕር ኰይንኹም፣ ወሃብቲ መድሕን ብጽሑፍ ናይ ጥዕና መርመራ መሕተቲ ክትሓልፉ ከሓትኹም ድዮም ኣይሓትኹምን ዝብሉ ሕጊታት ክፈላለዩ ይኽእሉ እዮም። መርመራ ጥዕና ምግባር የድልየኩም ድዩ ኣየድልየኩምን ርግጸኛ ኣይኮንኩምን? ናብ ናይ መድሕንና ተጠቃሚ መስመር ስልኪ በዚ ደውሉ፡- 1-800-562-6900.

# ውጥናት Medigap ምቕያር

ግዝኣት Washington፣ ንትሕቲ 65 ንዝዕድሜኦም ኣባላት Medicare ዝኾኑ ሰባት ውጥናት Medigap ክህብዎም ንወሃብቲ መድሕ ኣየገድድን፤ ግን፣ Medigap ክሸጡልኩም ዝኽእሉ እንተኾይኖም ንምርኣይ ምስ ወሃብቲ መድሕን ብቐትታ ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓደ Medigap ንምግዛእ፣ **ክልቲኦም Medicare Parts A ን B ን ክህልወኩም ኣለዎ።**

## መተሓሳሰቢ፦ ካብ 2020 ዝጀመረ ለውጢታት ብቑዕነት Medigap Plans C ን F ን

ዕድመኦም 65 ዓመት ዝመልኡ ወይ ንመጀመርታ ግዜ ንMedicare ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት፡ ካብ 1 ጃንዋሪ 2020 ጀሚሩ Mediap Plan C ወይ F ክገዝኡ ኣይኽእሉን።

*ፍልፍል፦ ናይ 2015 ሕጊ ምርካብ Medicareን ዳግመ ምፍቃድ መደብ መድሕን ጥዕና ህጻናት (Children's Health Insurance Program, CHIP) (Medicare Access and CHIP Reauthorization Act, MACRA)*

| ናይ ጽሑፍ መርመራ ጥዕና ክትገብሩ ዘይትግደዱ፣ እንድሕር፦ | ናይ ምግዛእ መሰል ዘለኩም፦ | ንፖሊሲ Medigap ክተመልከቱ እትኽእሉ/ ዘለኩም፦ | ሕጊ ግዝኣት Washington፦ |
|---|---|---|---|
| **1.** ዕድመኹም 65+ እንተኾይኑን ካብ'ቲ Part Bኹም ዝጅምረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕን። (Medicare ነዚ Medigap እትምዝገብሉ ግዜ (Medigap Open Enrollment Period) ኢሉ ይጽውዖ።) ***ኣቐዲሙ ንዝነበረ ኩነታት ጥዕና ናይ 90 መዓልታት ምጽባይ ግዜ ክህልወኩም ይኽእል እዩ*** | ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ ቤት ፅሕፈት ኮሚሽነር መድሕን (Office of the Insurance Commissioner, OIC) ዘጽደቖ ውጥን Medigap | ካብ'ቲ Part Bኹም ዝጅምረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ። | *ዝተመሓየሸ ደንቢ Washington (Revised Code of Washington, RCW) 48.66.025*<br>*ምምሕዳራዊ ደንቢ Washington (Washington Administrative Code, WAC) 284-66-067*<br>*WAC 284-66-068 (leg.wa.gov)* |
| **2.** ኣብ ውጥን ረብሓ Medicare (MA) (ውጥን ትካል ጽገና ጥዕና (Health Maintenance Organization, HMO) ወይ ተመራጺ መቕረቢ ኣገልግሎት ትካል (Preferred Provider Organization, PPO) ወይ ኩሉ ዘጠቓልል መደብ ክንክን ኣረጋውያን (Program of All-Inclusive Care for the Elderly, PACE)) እንድሕር ሃሊኹም እሞ ውጥንኩም ካብ Medicare እንተወጽዩ ወይ ኣብ እትነብርሉ ከባቢ ኣገልግሎት ምሃብ እንተ ኣቋሪጹ ወይ ከዓ ካብ'ቲ ውጥን ኣገልግሎት ዝህበሉ ከባቢ እንተ ወጺእኹም። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ቅድሚ 1 ጃንዋሪ 2020 ንMedicare ብቑዕ እንድሕር ኲይንኹም፣ OIC ዘጽደቆ Medigap Plan A-F (ዝለዓለ ቅነሳ ዋጋ ዘለዎ F ሓዊሱ)፣ K ወይ ከዓ L።<br><br>ድሕሪ 1 ጃንዋሪ 2020 ብቑዕ እንድሕር ኲይንኹም፣ A፣ B፣ D፣ G (ዝለዓለ ቅነሳ ዋጋ ዘለዎ G ሓዊሱ)፣ K ወይ ከዓ L። | ሽፋንኩም ቅድሚ ምውድኡ ኣብ ዘሎ 60 ናይ ስራሕ መዓልታት፤ ግን ሽፋንኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት።<br>ውጥን MA ኩም ክሳብ ዝውዳእ Medigap ኩም ክጅምር ኣይኽእልን።<br><br>ን Plan A ትሓስቡ እንድሕር ሃሊኹም፣ ሰናርዮ 7 ረኣዩ። | *RCW.48.66.055 (3)(b)(i)*<br>*RCW 48.66.055 (4)(a)(i)*<br>*WAC 284-66-067(5) (g)*<br>*WAC 284-66-068(3) (leg.wa.gov)* |

| **ናይ ጽሑፍ መርመራ ጥዕና ክትገብሩ ዘይትግደዱ፣ እንድሕር፡-** | **ናይ ምግዛእ መሰል ዘለኩም፡-** | **ንፖሊሲ Medigap ክተመልከቱ እትኽእሉ/ ዘለኩም፡-** | **ሕጊ ግዝኣት Washington፡-** |
|---|---|---|---|
| **3.** Original Medicareን Medicare ምስ ከፈለ ዝኸፍል ውጥን ጥዕና ጉጅለ ኣስራሒ (ናይ ጡረተኛታት፣ ሕጊ ምምሕያሽ ውሁድ ጥርናፌ ባጀት (Consolidated Omnibus Budget Reconciliation Act, COBRA) ወይ ሽፋን ማሕበር ሓዊሱ) እንድሕር ሃልይኩምን እቲ ውጥን ይውዳእ እንድሕር ሃልዩን። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | *ቅድሚ 1 ጃንዋሪ 2020* ንMedicare ብቑዕ እንድሕር ኰይንኩም፣ ኣብ ግዝኣት Washington ብወሃብቲ መድሕን ዝሸየጥ OIC ዘጽደቆ Medigap Plan A-G (ዝለዓለ ቅነሳ ዋጋ ዘለዎ G ሓዊሱ)፣ K ወይ ከዓ L። <br><br> COBRA እንድሕር ሃልይኩም፣ ብቐጥታ ውጥን Medigap ክትገዝኡ ወይ ከዓ እቲ COBRA ክሳዕ ዝውዳእ ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም። <br><br> *ድሕሪ 1 ጃንዋሪ 2020* ብቑዕ እንድሕር ኰይንኹም፣ A፣ B፣ D፣ G (ዝለዓለ ቅነሳ ዋጋ ዘለዎ G ሓዊሱ)፣ K ወይ ከዓ L። | ካብ'ዞም ኣብ ታሕቲ ዘለው 3 መዓልታት እቲ ዝቐረበ ኣትሒዙ፣ ካብ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘይዛይድ፡- <br>1) ሽፋን ዝውድእ መዓልቲ <br>2) በቲ መሕበሪ ኣቢሉ፣ ሽፋንኩም ይውዳእ ከም ዘሎ ዝተነገረኩም መዓልቲ <br>3) ዝጠራዕኹሙሉ መዓልቲ <br><br> ን Plan A ትሓስቡ እንድሕር ሃሊኹም፣ ሰናርዮ 7 ረኣዩ። | *RCW 48.66.055 (3)(a)* <br>*RCW 48.66.055 (4)(a)(i)* <br>*(leg.wa.gov)* |
| **4.** Original Medicareን Medicare SELECTን ሃልይኩም SELECT ኣገልግሎት ካብ ዝህበሉ ከባቢ እንተወጺኹም፣ ብዛዕባ ዝህልውኹም መማረጺታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ወሃቢ መድሕን ውጥን Medicare SELECT ደውሉ። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ኣብ ግዝኣት Washington ወይ እትኸድሉ ዘለኹም ግዝኣት ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕን ዝተሸጠ፣ ብOIC ዝጸደቐ Medigap Plan B-N (ልዑል ናይ ዋጋ ቅነሳ ዘለዎም ትልሚታት ሓዊሱ) | ሽፋን Medicare SELECTኩም ቅድሚ ምውዳኡ ኣቐዱሙ ኣብ ዘሎ 60 ናይ ስራሕ መዓልታት፤ ግን ሽፋን Medicare SELECTኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት። | *RCW 48.66.055(3) (c)(i)(D)(ii)* <br>*RCW 48.66.055(4) (a)(i)* <br>*RCW 48.66.045* <br>*(leg.wa.gov)* |
| **5.** ናይ "ሙከራ መሰል" እንተሃልዩኩም፣ ማለት እውን፣ ኣብ 65 ዓመት ዕድመኹም ንመጀመርታ ግዜ ንMedicare Part A ብቑዕ ኣብ ዝኾንኩምሉ እዋን ናብ ውጥን MA (ከም HMO ወይ PPO) ወይ ውጥም PACE እንተ ተጸንቢርኩም፤ ምስተጸንበርኩም ኣብ ውሽጢ ቀዳማይ ዓመት፣ ናብ Original Medicare ክትምለሱ እንድሕር ወሲንኩም። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ OIC ዘጽደቖ ውጥን Medigap። | ሽፋንኩም ቅድሚ ምውድኡ ኣብ ዘሎ 60 ናይ ስራሕ መዓልታት፤ ግን ሽፋንኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት። | *RCW 48.66.055(3)(f)* <br>*RCW 48.66.055(4) (a)(i)* <br>*(leg.wa.gov)* |

| **ናይ ጽሑፍ መርመራ ጥዕና ክትገብሩ ዘይትግደዱ፣ እንድሕር፦** | **ናይ ምግዛእ መሰል ዘለኩም፦** | **ንፖሊሲ Medigap ክተመልከቱ እትኽእሉ/ ዘለኩም፦** | **ሕጊ ግዝኣት Washington፦** |
|---|---|---|---|
| **6.** ናይ "ሙከራ መሰል" እንድሕር ሃልይኩም፤ ማለት'ውን፣ ንመጀመሪያ ግዜ ናብ ውጥን MA (PACE ወይ ከዓ Medicare Select) ንምጽንባር ውጥን Medigap እንድሕር ገዲፍክምዎ፤ ኣብ'ቲ ውጥን ንትሕቲ ሓደ ዓመት እንድሕር ጸኒሕኩምን ናብ ናይ ቀደምኩም ክትምለሱ እንድሕር ደሊኹምን። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ናብ ውጥን MA ቅድሚ ምጽምባርኩም ዝነበረኩም ውጥን Medigap ወይ ከዓ ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕን ዝተሸጠ፣ ብOIC ዝጸደቐ Medigap Plan B-G (ልዑል ናይ ዋጋ ቅነሳ ዘለዎም G ሓዊሱ)፣ K ወይ ከዓ L። | ሽፋንኩም ቅድሚ ምውድኡ ኣብ ዘሎ 60 ናይ ስራሕ መዓልታት፤ ግን ሽፋንኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት። | *RCW 48.66.055 (3)(e)(i)*<br>*RCW 48.66-055 (4)(a)(ii)*<br>*(leg.wa.gov)* |
| **7.** ሓደ Medigap Plan A እንተልይኩም። ***ኣቐዲሙ ዝነበረ ናይ 90 መዓልታት ሽፋን ግዜ እንድሕር ነይርኩም፣ ናይ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ካልእ ዝኾነ ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ፣ OIC ዘጽደቖ ውጥን Medigap Plan A | ኣብ ዝኾነ ግዜ። | *RCW 48.66.130 (leg.wa.gov)* |
| **8.** ካብ Plan A ወጻኢ ካልእ ውጥን Medigap እንድሕር ሃልይኩም (ዝለዓለ ናይ ዋጋ ቕናስ ዘለዎም ውጥናት F፣ G የጠቓልል)። ***ኣቐዲሙ ዝነበረ ናይ 90 መዓልታት ሽፋን ግዜ እንድሕር ነይርኩም፣ ናይ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ካልእ ዝኾነ ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ፣ OIC ዘጽደቖ ውጥን Medigap Plan B-N። | ኣብ ዝኾነ ግዜ። | *RCW 48.66.045, WAC 284-66-064(4)(a)*<br>*(leg.wa.gov)* |
| **9.** ዝያዳ ኩለመዳያዊ ውጥን መድሕን ጥዕና (ከም ውጥን ጡረተኛ ወይ ኣስራሒ፣ COBRA ዝበለ) ብውጥን Medigap ክትትክእዎ እንድሕር ደሊኹም። ***ኣቐዲሙ ዝነበረ ናይ 90 መዓልታት ሽፋን ግዜ እንድሕር ነይርኩም፣ ናይ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ካልእ ዝኾነ OIC ኣብ ግዝኣት Washington ንክሸየጥ ዘጽደቖ Medigap Plan B-N **(ብዘይካ HCA Blue Cross Premera)።** | ኣብ ዝኾነ ግዜ። | *RCW 48.66.045, 48.66.55, WAC 284-66-064(4)(a), WAC 182.13.040 (leg.wa.gov)* |

| ናይ ጽሑፍ መርመራ ጥዕና ክትገብሩ ዘይትግደዱ፣ እንድሕር፦ | ናይ ምግዛእ መሰል ዘለኩም፦ | ንፖሊሲ Medigap ክተመልክቱ እትኽእሉ/ ዘለኩም፦ | ሕጊ ግዝኣት Washington፦ |
|---|---|---|---|
| **10.** እቲ Medigap ዝሃበኩም ወሃቢ መድሕን እንተኸሲሩ እሞ ሽፋንኩም እንድሕር ስኢንኩም ወይ ከዓ ውጥን Medigapኩም ብዘይወዓልክምዎ ስሕተት እንድሕር ተወዲኡ ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ካልእ ዝኾነ ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ፣ OIC ዘጽደቖ ውጥን Medigap Plan B-N (ዝለዓለ ናይ ዋጋ ቕናስ ዘለዎም Plans F ን G ን ሓዊሱ)። | ሽፋንኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት። | *RCW 48.66.055 (3)(d)(i)(A) and (B) (leg.wa.gov)* |
| **11.** እቲ ወሃቢ መድሕን ነቶም ሕግታት ዘየኽብር ወይ ከዓ ዘጋግየኩም ስለ ዝኾነ ነቲ ውጥን Medigap ክትገድፍዎ እንድሕር ደሊኹም። ***ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ናይ ኩነታት ጥዕና ምጽባይ ግዜ የለን*** | ካልእ ዝኾነ ኣብ ግዝኣት Washington ብዝኾነ ይኹን ወሃቢ መድሕ ዝሸየጥ፣ OIC ዘጽደቖ ውጥን Medigap Plan B-N። | ሽፋንኩም ካብ ዝውዳእ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 63 ናይ ስራሕ መዓልታት። | *RCW 48.66.055(3) (d)(ii) and (iii) (leg.wa.gov)* |

## ካልኦት ጸጋታት Medigap

ማእከል መድሕን ጥዕና ግዝኣት Washington (Washington State Health Insurance Pool, WSHIP) ኣብ Medicare ንዘለው ብሰንኪ ኩነታት ጥዕና ውጥን Medigap ዝነጸጎምን ውጥናት MA ድሩት ኣብ ዝኸኑ ከባቢታት ንዝነብሩን ሰባት፣ ውጥን Medicare Basic ይሸይጥ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናብ'ዚ ተወከሱ፦ wship.org/coverage/who-is-eligible/ ወይ ከዓ ን WSHIP ብ፦ 1-888-277-9135 ደውሉ።

# መተሓሳሰቢታት

# መተሓሳሰቢታት

# መተሓሳሰቢታት

# Medicare ብኸመይ ከምዝሰርሕ ንምርዳእ ዝያዳ ሓገዝ ትደልዩ?

ንመደብ ኣብ መላእ ግዝኣት ዝርከቡ ኣማኸርቲ ረብሓታት መድሕን ጥዕና (SHIBA) ብዘይ ክፍሊት ምሽጥራዊ ዝኾነ ሓገዝ ንምርካብ በዚ ደውሉ፦

# 1-800-562-6900

**www.insurance.wa.gov/shiba**

SHIBA
OFFICE of the INSURANCE COMMISSIONER
WASHINGTON STATE

SHP875-06/2025